# ዜናዊ ጸብጻብ

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

**ጸብጻብ ዝኽሪ 1-መስከረም**

ሓደ መስከረም ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ተጻዒኑ ዝነበረ መግዛእታዊ ኣርዑት ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ገጽ መሬት ኤርትራ ንምውጋድ፣ ፈለግ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘበሰረትን ጩራ ነጻነት ዘግሃደትን ብምኳና ወትሩ ክትዝከርን ክትበዓልን ትርከብ። ሰራዊት ሓርነት ድማ ብፍላይ ንዝጸንሐ ጽንዓትን ተወፋይነትን ዘሕድሰላን፥ ነዛ ክብርቲ ዕለት ጋህዲ ንክትከውን ዝተበጀዉ ሰማእታት ዝዝክረላን መዓልቲ ስለዝኾነትን ፍሉይ ጠቡላሕታ ስለ ዘለዋን ብክብ ዝበለ ድምቀትን ብክብ ዝበለ ደረጃን ኣብዒልዋ ውዒሉ።

ኣባል ምምሕዳር ሰራዊት ሓርነት ተጋዳላይ እድሪስ መንደር ትርጉምን ዝኽርን ሓደ መስከረም ምስ ዝሓለፈ መድረኻት ቃልስን ህልዊ ኩነታት ሃገርናን ብምትእስሳር ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ። ብድሕሪ'ዚ ብኣባላት ሰራዊት ሓርነት ነዛ ክብርትን ዕውትን ዕለት ዘንጸብርቑ ግጥምታት፣ ተዋስኦታት፣ ዋዛታት፣ ብምቕራብ መበል 43 ዓመት ዝኽሪ ሓደ መስከረም ብዝኽረ ሰምእታት ተዛዚሙ። ቀጺልና ድማ ንዝኽሪቲ መዓልቲ ብተጋዳላይ ሳምሳን ገብረሂወት እተደርሰት ግጥሚ ነቕርበልኩም።

መስከረም
**(ግጥሚ)**

ሓደ መስከረም ውልዶ ተኽሊ ሰውራ
መሰረት ዕጥቃዊ ቃልሲ ምኳና ኣበሲራ
በቲ ጥዑም ድምጺ ብኣቦ-ዓሸራ

በርሃን ዓዲላ በታ እንኮ ጥይት
ናይ ሓርነት ጉዕዞ ምኳና ጀማሪት
ኣዳል ሰይማቶ ጀግና መስተምሃሪት
እምቢ ንዝበለ ክትከውን ጸራጊት

ሓንቲ ዝነበር ጨናፍር ኣብዚሓ
ነዓኣ ዝመስሉ ስዒቦም ድሒኣ
ሓፋሽ ተላዒሉ ክስራዕ ማዕሪኣ
ሓድነት ኣልቢሳ ብኩለንትናኣ
መሪቓ ኣፋንያ ምስ ጸላኢ ክገጥም
ኣስኒቓ ልኢኻ ተጎርባ ክፍጽም
ጽንዓት ተመጊቡ ብዓወት ክትልም
ሰራዊ ሓርነት ፍጹም ከዘይርዕም

ሓደድሕሪ ሓደ ቀጸለ ርብርብ
መልእኽቲ መስከረም መዕለቢ ክረክብ

እወ ሓድ'ላ ጀሚራ ሰላሳ ወቆጺራ
ነቲ ዘተርፍ ዓወት ሕልኽልኽ ሰጊራ

ኣሸሓት ቀያሕቲ ስሊኣ ከፊላ
መድረኽ ቀራቶ መግዛእቲ ቀቢራ

ፍረ ናይ መስከርም ዓምቢቡ ሰሲኑ
ኣርዑት ናይ መግዛእቲ ፈጺሙ ኣኽቲሙ
ኩሉ ወዲሃገር ነጻነት ኣዚሙ
ተስፋ ሰላም ራህዋ ካባ ተኸዲኑ

እወ ጸሃይ ደሚቑ መሬት በርሃው ኢለ
ወኻዕኻኦ ነጊሱ ጓይላ ተተኺሉ
ኣዴታት ኣኣኣለላ ኣቦታት ደበሉ
ኩሉ ተረሲኣኦኡ ፍሽኽታ ዓሲሉ

ግና ዕድመ ነጻነት ቁሩብ ከይሰጎመ
ምልክነት ጠጢዑ ንህዝቢ ዘሕመመ
ኲናት ተባሪዑ ንሃገር ዘድከመ
ገድላዊ ጉዕዞና ተሪፉ ቀሃመ

እወ-ሰውራ ዝወለዶ እዚ እከይ ስርዓት
ግዜ ኣይወሰደን ኮርቻ ንምብሓት
ቀይናን ምሕደራኡ ኣውጺእዎ ኣብ ቀርዓት
ስነመጎት-ሓይሊ ሰኒዱ ሕንጻጻት
ንህዝብን ሃገርን ጸዊዕሉ መዓት

በሊ ቅያዊት መስከረም ኣይተዛዘመን ሕድሪኺ
ደሃይኪ ይሰማዕ ሃየ ተዛረቢ
ነቲ ከዳዕ ጠላም ኢድኪ ኣይትሃቢ
እከይ ተግባራቱ ከይስስን ከይዓቢ

ኣለዉ በልዮ ጽኑዓት ሰብ መትከል
ታሪኽኪ ከቅህም ዝገብሩልኪ ዓንኬል
መሊኣ ክትበርህ ናይ ነጻነት ቀንዴል
ዲሞክራሲ ዕንቢቡ ሃገርና ክትምዕብል

እወ ዝተበከለ ስምና ቦታኡ ክምለስ
ሰተሰምሃል ሽላን ክንጸግ ክንስነስ
ሕድሪ ሰማእታትና ፈጺሙ ክሕደስ
ምዕራፍ ስቓይ ክዛዘም ህዝብና ክድበስ።
ሓደ መስክረም ምልክት ጽንዓትን ተወፋይነትን ቃልሲ

ህዝቢ ኤርትራ ኮይና ትንበር!

ሰራዊት ሓርነት

ሜዳ

01-09-04